# ድላይ ኣምላኽ ምግባር

ንባብ፡ ማቴ 7፡ 21-27።

ወዲ ሰብ ኣብ ዓለም ንድላይ ኣምላኽ ኽገብር ተፈጢሩ። ግን ነዚ ውሳኔ ኣምላኽ ስለ ዘይደለዮ ብዘይምእዛዙ ሞት ኣብ ዓለም ኣትዩ። ሕይወት ብዘይ ድላይ ኣምላኽ ምንባር ተጀሚሩ፥ በዚ ኸአ ሰብ ሓሲምዎ፥ ግን ኣምላኽ ስለ ዘይጨከነ ከምብሓዲስ ንድላዩ ብዝልዓለ ሰብ ክርድኦ ብዝኽእል ንሰብ ቀሪብዎ። ወልደ እግዚአብሔር ከማና ሰብ ኮይኑ ድላይ ኣምላኽ ክነግረና መጺኡ። ክርስቶስ ነዚ ብቓሉ ብግብሩ ብኹሉ ገሊጽልና።

ጎ.ኢ.ክ. ኣብ ዘስተምሃሮ ፍቓድ እቲ ሰማይ ዘሎ ኣቦይ ዚገብር ደኣ እምበር ጎይታይ ጎይታይ ዚብለኒ ዅሉ ናብ መንግሥተ ሰማይ ኣይኣቱን እዩ፥ እናበለ ኣብ መንገስተ ሰማይ ክንኣቱ እንተ ኾና ክንገብሮ ዘሎና ነጊሩና።ነዚ ቀንዲ ዘበሎ ሓደ ካብቲ ቀንዲ ምኽንያት ተፈጥሮና ድላይ ኣምላኽ ምእንቲ ክንፍጽም ምስኡ ምእንቲ ክነብር ስለ ዝኾነ እዩ። ድላይ ኣምላኽከ እንታይ እዩ። ብርግጽ ድላዩ ከይፈለጥና እንገብሮ የብልናን ስለዚ ድላዩ ክንፈልጥ ኣሎና። ነፍሲ ወከፍና በበቲ እንመርሖ ጸዋዕታ ሕይወትና ድላይ ኣምላኽ ክንገብር እዩ። ኣብ ክህነታዊ ሕይወት፥ ኣብ ኪዳናዊ ሕይወት ብግልና እንነብር እንጎዓዞ ድላይ ኣምላኽ ኣሎ። በበቲ እንነብሮ ሕይወት መሪሕና መንግስተ ሰማይ ክንኣቱ እዩ ድላዩ።

ጎይታይ ጎይታይ ምባል ኣባላት መንግስቱ ኣይገብረናን እዩ። ብስም ንኢየሱስ ብስም ኣመና ኣጋንንቲ ክነውጽእ ተኣምራት ክንገብር ኣየኽእለናን እዩ።ሓቀኛ ሓዋርያ ዝብሃል ብልቡ፥ ነፍሱን ኣእምርኡን ብምሉእ ምስ ኣምላኽ ዝተወሃሃደ እዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ሰብ ንኣምላኽ ዝሰምዕን ንቃላት ኢየሱስ ዝሰምዕን ኣብ ልቡ ኣሕዲሩ ሕይወቱ ዝመርሕ እዩ።

ምስማዕ ክንብል እንከሎና ብዙሕ ነገር ክንርኢ ወይ ክንግንዘብ ዘኽእለና እዩ፡1. ነቲ ኢየሱስ ዝብሎ ኣስተውዒልካ ምስማዕ፥ ልብኻ ኣውዲቕካ ምስማዕ። 2. ነቲ ዝተባህለ ተረዲእካ ምኽኣል ምኽንያቱ ከይተረደእካ ክትሰምዕ ስለ እትክእል። 3. ነቲ ዝተባህለ ብምሉእ ምቕባል እሞ ምስ ሕይወትካ ምውህሃድ ነቲ ዝተረዳእካዮ። ጽቡቕ ገርካ ክትሰምዕ ይክኣል እዩ ጽቡቕ ገርካ ክትርዳእ እውን ይክኣል እዩ፥ ግን ምስ ህይወትካ ምስ ኩልንትናኻ ዘይተወሃሃደ ክኸውን ይክኣል እዩ። ቆልዑ ነዚ ኩሉ ጊዜ ይገብርዎ እዮም። ብምሉእ ምስ ርእስና እንተ ኣወሃሂድናዮ ከም ክፋሊ ሕይወትና እንተ ገበርናዮ ማለት ነቲ ዝሰማዕናዮን ዝተረዳእናዮን ከም ናትና እንተ ገርናዮ ካብኡ ንድሓር ብባህርና ብእኡ ንምራሕ። ነዚ ኹሉ ኣብ ሕይወትና ከም ቀንዲ ገርና ክንወስዶ ከሎና ሽዑ ጥራሕ ኢና ሓቀኛታት ኣርድእቲ ኢየሱስ ክንብሃል እንኽእል። ኣብዚ ኢና ኸአ ሕይወትና ክንምስርት ዘሎና።

ክርስትያና ሕይወት ብግዳማዊ ብዝርአ ጥራሕ ክኸውን እንከሎ ማለት ብቃላትን ብግዳማዊ ጠባያት ጥራሕ ክኸውን እንከሎ ከምቲ ቤቱ ኣብ ሑፃ ዝሰርሐ እዩ። ሓደ ጊዜ ዘጥቅዓና ነገር ክመጽእ እንከሎ ቀልጢፍና ንወድቕ ምኽንያቱ ብውሽጥና ዓሚቕ መሰረት ስለ ዘይብልና።እዚ ኣብ ብዙሓት ንርእዮ ኢና ጣዕሚ ዓለምን ከምኡ ዘታልል ብቐሊል ክረኽቡ እንከለዉ ቀልጢፎም ይዓልዉ። ንክርስትናዊ እምነትና ክነብሮ እንተ ዘይክኣልና ክንወድቕ ክንክሕድ ክንቅይር ቀሊል እዩ።

ኣምላኽ ብግዳማዊ ነገራትና ጥራሕ ብኣፍና ብእንገብሮ ስርዓታት ወይ እውን ካብ ወለድና ብዝወረስናዮ ጥራሕ ድላዩ ንገብር ወይ ምስኡ ሓድነት ኣሎና ክንብል ኣይንኽእልን ኢና። ኣምላኽ ኣብ ውሽጥና ኣብ ኹሉ ናትና እንብሎ ክነንግሶ ከሎና ቃሉ ሰሚዕና ክነተግብሮ ከሎና ጥራሕ ኢና ናቱ እንኸውን ድላዩ እንፍጽም።

ሓደ እዋን ኢየሱስ ብዛዕባ ኣሕዋቱን ኣዲኡን መን ምዃኖም ኽገልጽ እንከሎ ኃወይን ኃብተይን ኣደይንሲ ፍቓድ ኣምላኽ ዚገብር ዘበለ ኩሉ እዩ (ማር 3፡35) እናበለ ከም ዝገለጸ ነንብብ። ፍቓድ ኣምላኽ ምፍጻም ሓውን ሓፍትን ኢየሱስ ይገብረና።

ጸሎትና ብሓቂ ቅቡል ክኸውን ኣብ ቅድሚ እግዚአብሔር ቀጺልና ድላዩ እንፍጽም ክንከውን እንከሎና እዩ። ከምኡ ንድላይ ኣምላኽ ክንገብር ብስም ደጋጊምና ብዛዕባ ኣምላኽ ተዛረብና ኣይ ኮንን። ኣብቲ እንገብሮን እንብሎን ቀጻልነት ክህሉ ኣለዎ፥ መንግሥቲ ኣምላኽ ብኃይሊ እምበር ብዘረባ ኣይኮነትን እትመጽእ (1ቆሮ 4፡20)። ቅ. ያዕቆብ እውን ነቲ ኣብ ድላይ ኣምላኽ ኣብ ምፍጻም ክንገብሮ ኣብ

ዝደልየና ገበርቲ ቃል ኩኑ ርእስኹም እናጠበርኩም ሰማዕቲ ጥራይ አይትኹኑ (ያዕ 1፡22) እናበለ እቲ እንገብሮ ብዝያዳ ናይ አምላኽ ከምዝገብረና ይነግር።

ፀ፪ይ ጉባኤ ቫቲካን አብ ፍሥሓን ተስፋን ቍ. 93 ክርስትያን ንቅዱስ ወንጌል እሙናት ብምዃንን ካብኡ ሓይሊ ብምርካብን ምስ ኩሎም እቶም ንርትዒ ዝሰርሑን ዝፈትዉን ሓቢሮም አብዚ ምድሪዚ ሰፍሕ ሓላፍነት ተሰኪሞም ይርከቡ። በዚ ሓላፍነቶም ከአ በቲ አብ መጨረሻ መዓልቲ ንኹሎም ሰባት ክፈርድ ዘለዎ ጎይታ ጸብጻብ ክሕተቱ ኢዮም። ፍቓድ እቲ ሰማያዊ አቦ ዝፍጽምን ነቲ ስራሕ ዝገብርን ደአምበር ኵሉ እቲ ጎይታይ ጎይታይ ዝብል አይኮነን ናብ መንግስተ ሰማይ ዝአቱ። አብ ኵሎም ሰባት ነቲ ሓውና ዝኾነ ክርስቶስ ክንርእን ብቓልን ብግብርን ከነፍቅሮምን በዚ ከአ ንሓቂ ክንምስክርን ከምኡውን አብቲ ምሥጢር ፍቕሪ ሰማያዊ አቦ ምስ ካልኦት ክንሳተፍን ፍቓድ እግዚአብሔር አቦ እዩ። በዚ መገድዚ ኵሎም ሰባት ምሉእ ዓለም አብ ህያብ መንፈስ ቅዱስ ዝኾነ ህያው ተስፋ ክርከቡ እዮም። ስለዚ ከአ ሓደ መዓልቲ ብሰላምን ብታሕጓስን ተመሊኦም ናብታ ብኽብሪ ጎይታ እተንጸባርቕ ኡነተኛ ሃገሮም ንምኻድ ክኽእሉ እዮም።እናበለ ድላይ እግዚአብሔር አብ መዓልታዊ ሕይወትናን ምስ ሰባት አብዘሎና ርክብ ከመይ ዝበለ ክኸውን ከምዘለዎ ይገልጽ።

አምላኽ ድላዩ ምስኡ ክንከውን እዩ ግን አብ መንግስተ ሰማይ ንምእታው ቅዱስ ንምዃን ብዛዕባ ቅድስና ጽቡቕ ገርካ ብምዝራብ እኹል አይኮነን። ሓደ ነቲ ዝሰብኮ ባዕሉ ዝፍጽሞ፥ ፍረ ክህልዎ ምስቲ ዝብሎን ዝገብሮን ዝሰማማዕ ክኸውን አለዎ። Fray Luis de Leon ዝተባህለ ጽቡቕ ገሩ ከምዚ እናበለ ይገልጾ አስተውዕል ንፋዕ ክርስትያን ክትከውን ጸላያይ፥ ዝጸውምን፥ ቅዳሴ ዝሰምዕን፥ ጥራሕ እኹል አይ ኮነን፥ አምላኽ እሙን ኮንካ ክረኽበካ አለዎ፥ ከም ካልእ ኢዮብ ወይ አብርሃም አብ ጊዜ ፈተናን ህውከትን እሙን ኮንካ ክትርከብ አሎካ ይብል። ድላይ እግዚአብሔር እምብአር አብ መዓልታዊ ሕይወትና እንገብሮ ዝምስክሮ ክኸውን እንከሎ ጥራሕ እዩ ፈጺምናዮ ክንብል እንኽእል።

ብዙሓት አብ ዘረብኦም አብ ንስሓኦም ናይ ንጋሆ ናይ ምሸት ወይ ቅዳሴ አይሰማዕኩን እናበሉ ይናዘዙ ግን ነቲ ኢየሱስ ዝብሎ ክዝክሩ ጽቡቕ እዩ። ፍቓድ እቲ አብ ሰማይ ዘሎ አቦይ ዝገብር ደአ እምበር ጎይታይ ጎይታይ ዚብለኒ ኵሉ ናብ መንግሥተ ሰማያት አይአቱን እዩ ይብለና።ነቶም ኩልሳዕ ጸሎት ዝገብሩ ከምዚ ይብሎም ፍቓድ እቲ አብ ሰማይ አሎ አቦ ግበሩ።

አብዚ ክንዝንግዖ ዘይብልና ጸሎት አየድልን ማለት አይ ኮነን።ንስራሕ አምላኽ ክንገብር ክንሰምዖን ንቃላቱ ክንምልሰሉ ጸጥታ/ሱቕታ ዘልኦ ጊዜ ክንወስድ አሎና፥ እንተ ዘይኮነ ሓንቲ አይንገብርን ኢና። ነቲ አብ ብሕትና ካብ አምላኽ ዝሰማዕናዮ ፍቕሪ አምላክ ዘንጸባረቕናዮ አብ ዓለምና ክነምጽአ አይክአልን እዩ ምስኡ ጊዜ እንተ ዘየሕለፍና።

እንታይ እዩ ድላይ አምላኽ? ብመንፈስ መንሥቲ አምላኽ ዝመላእና፥ መንግስቲ አምላኽ አብ ዓለምና ብሓቂ ፍሉጥን እሙንን ዝኾነሉ ስራሕ ወይ ተግባር ክህልወና። ነዚ ተግባራዊ ክንገብር ቀጺልና ካብ ገዛእ ርእስና ስምዒትናን ድለትናን ክንወጽእ አሎና።አብ አምላኽ ክንከይድ አብ ከባቢና ዘሎ ዓለም ረኺብና ንኻልኦት ነቲ ፈቃር ህላዌ አምላኽ አብ መንጎና አፍልጦ ከምዝህልዎም ምግባር። እዚ ቀጺልና ስም አምላኽ ብምጽዋዕ ወይ እውን ቅኑዓት ብምዃን ጥራሕ ክንገብሮ አይንኽእልን ኢና ፥ ናይ ሓውናን ሓፍትና ድለት ክህልዎ አለዎ። ሓወይ ሓፍተይ ክረብሑ ንድለት አምላኽ ክፈልጡ አነ ቀንዲ መንጎኛ ክኸውን አሎኒ።
ነዚ መረዳእታ ኢየሱስ ሓቀኛ ረድኢ ክርስቶስ ክኸውን ዝደሊ ክኾኖ ዘለዎ ከረድእ ኢሉ ብምሳሌ ፍልልይ ገዝኡ አብ ከውሕን አብ ሑፃ ዝሃንጽ ሂቡ። መሰረቱ አብ ከውሒ ዝኾነ ቤት ጽኑዕ ንኹሉ ዝመጽእ ብርቱዕ ንፋስ ወይ ውሒዝ ይጻወር። እዚ አምሳል እቲ ንኹሉ ፈተናን ጸበባን ዝሓልፍ እሙን ኮይኑ አብ ድላይ አምላኽ ዝጸንዕ ሰብ እዩ ዝመሳሰል። ኢየሱስ ቤትና ሕይወትና ጽኑዕ ክኸውን ክልተ ነገር ጥራሕ እዩ ሓቲቱ።

1. ኩልና ሰሚዕና ክንክእል አሎና። ሓደ ካብቲ ንብዙሓት አብዚ እዋና ጸጊሙና ዘሎ ኢየሱስ እንታይ ከምዝብለናን ወይ ቤተ ክርስትያን እንታይ ከምእትብለና ዘይምስማዕ እዩ። እቲ ካብኡ

ዝገደደ ነቲ ኢየሱስ ዝበሎ እናጠቐስካ ከምኡ ነቲ ቤተ ክርስትያን እትምህሮ ኣብቲ ንስኻ እትደልዮ ጠምዚዝካ ድላይካ ምስባኽ እዩ። እዚ ናይ ዘመና ዓቢ ጸገም ንብዙሓት ኣብ ጌጋን ጥፍኣትን ዝወስድ ግጉይ መገዲ እዩ። እቲ ቀንዲ ዝድለ ነቲ ኢየሱስ ዝብሎ ነቲ ወካሊቱ ዝኾነት ቤተ ክርስትያን እትብሎ ክንሰምዕ ዕድል ክንህብ ኣሎና።

2. ሰባት ክገብሩ ኣለዎም። ፍልጠት ግሉጽ ዝኸውን ኣብ ግብሪ ክርአ እንከሎ ጥራሕ እዩ። ኣብ ክርስትያናዊ ሞራል ብዝልዓለ ነጥቢ ኣብ መርመራ ክንሓልፍ ንኽእል ኢና ግን ዘይክርስትያን ክንከውን ንኽእል። ፍልጠት ኣብ ሥራሕ ክልወጥ ኣለዎ። ኣብ ሓሳብ ጥራሕ ዘሎ ኣብ ተግባር ክውዕል ኣለዎ። ትምህርተ መለኮት ኣብ ሕይወት ክርአ ኣለዎ።ንሓኪም ምኽሪ ንሓቶ ኢና እትምንታይ ነቲ ዝበለና ኣብ ግብሪ ምእንቲ ክነውዕሎ እንተ ዘይኮነ ትርጉም የብሉን። ንዝኾነ ምኽሪ እንሓቶ ነቲ ዝተመከርናዮ ኣብ ግብሪ ዘይነውዕል እንተ ኾና ኮንቱ እዩ ምኻድና። ብዙሓት ካባና ሰንበት ቅዳሴ ክንሰምዕ ንኸይድ ቃል ኣምላኽ ንሰምዕ ንትምህርቲ ክርስቶስ ንሰምዕ ግን ብዙሓት ኣፍልጦ ኢየሱስ ዝብለናን ዘሎና ውሑዳት ኢና፥ ነቲ ዝተባህለ ተግባራዊ እንገብር ውሑዳት ኢና። ብዝኾነ መገዲ ተከተልቲ ኢየሱስ ክንከውን ንደሊ እንተ ኾና ክንሰምዕን ንዝሰማዕናዮ ክንገብሮን ኣሎና።

ንምስማዕን ንምግባርን ብሓደ ጠሚሩ ዝነግር ቃል ኣሎዶ'ኾን? እወ ኣሎ ተኣዝዞ። ኢየሱስ ጽሩይ ዘየወላውል ተኣዝዞና ይሓትት።ኣብ ሕይወት ምምሃርን ምእዛዝን ዝዓበዩ ነገራት እዮም።ተኣዝዞ ኣብ ዝኾነ ኩነት ድሕነት የምጽኣልና ምኽንያቱ ምስማዕ ክኢልና ኣሎና ማለት እዩ። ፍጹም ተኣዝዞ ክንገብር እዩ ዝደልየና ዘሎ። ንኢየሱስ ክንእዘዝ ከሎና ሓቀኛ መሰረት ሕይወትና ሒዝና ኣሎና ማለት እዩ። ሕይወት ኣብ መሰረት ተኣዝዝኡ ዘሎ ዝተረጋገጸን ዋሕስ ዘለዎ ዝመጽእ ይምጻእ ማዕበል ኣየጸግሞን እዩ።ዝእዘዝ ንድለት ኣምላኽ ከለሊ ኣይ ከብዶን እዩ።

ማርያም ቀዳመይቲ ንድለት ኣምላኽ ብዘይጥርጥር ዝተቐበለትን ዘማልኣትን እያ። ተወፋይነት ማርያም በቲ ምስ ኣቦን ወድልን ወዳ ዘልኣ ርክብ እዩ ዝልካዕ። እዚ ተወፋይነታ ነቲ ዝቐረበላ ሕቶ ኣምላኽ ኣደ ሓደ ወዲ ክትከውን ምስተ ቐበለት ተፈጺሙ። ከም ቃል ይኹነልይ ምስ በለት ተፈጺሙ። እዚ ኣብ ትሕቲ መስቀል ወዳ ክመውት እንከሎ እውን ቀጺላቶ እያ።

ሉቃስ (8፥21) ኣደይን ኣኃዋተይንሲ እዞም ንቃል ኣምላኽ ዚሰምዕዎን ዚገብርዎን እዮም እናበለ ምስቲ ከቐርቦ ዝደለ ምሳሌ ኣተሓሒዙ ይነግረና። ነቲ ብማርቆስ (3፥31-33-35) ኃወይን ኃብተይን ኣደይንሲ ፍቓድ ኣምላኽ ዚገብር ዘበለ ኾሉ እዩ ዝብል ኣመሓይሹ ይነግረና። ብዙሓት ነዚ ኢየሱስ ዝበሎ መሰረት ገሮም ማርያም ከም ኩሉ እያ ሓንቲ ዝያዳ የብልን እናበሉ ክብሪ ማርያም ዘናእሱ ኣለዉ። ግን ንሳ ከም ቃልካ ይኹነለይ ክትብል እንከላ ንቃል ኣምላኽ ብምሉእ ከም ዝተቐበለት ንጹር እዩ ስለዚ ንድላይ ኣምላኽ ሕራይ ኢላ። እዚ በቲ ብዘይዝኾን ምጥርጣር ወይ ሰንከል ከይበለት ኣርእያቶ።ሓደ እዋን ነቲ ኢየሱስ ዝብሎን ዝገብሮ ዝርአየት ሰበይቲ ዝፆረትካ ኸርሥን ዝጠቦኻየን ኣጥባትን ብፁዓት እየን ምስ በለቶ ብፁዓንሲ እቶም ንቓል ኣምላኽ ዚሰምዕዎን ዝሕልዉዎን ደኣ እዮም በላ (ሉቃ 11፥27-28)።

ኣብ ቅድሚ ዓይኒ ኣምላኽ ዓቢ ዘብል ኣብ ዝተወሃብናዮ ህያባትን ሓለፋታት ዘይኮነ ኣብቲ ንቃል ኣምላኽ ኣብ እንህቦ መልሲ እዩ ዝምስረት። ኣሰር ማርያም ተኸቲልና ንድላይ ኣምላኽ ሕራይ ንበል። ኣምላኽ ሕራይ ክንብሎ ከሎና ምሳና ኣሎ ዝመጽእ ይምጻእ ማዕበል ኣይከፍርሓናን እዩ። ሎሚ ሕራይ በለኒ ንዝብል ኣምላኽ ሕራይ ንበሎ።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ